*ወያ መሸንቆቓ*
*ኣብ ክንዲ ትቐጥን - ገዲዳ ዓጺቓ*
*ንደምበናን ደምበሸፋቱን፡ ኣላልያ ኣረሓሒቓ*

*ብወደባት፡ ግርማይ ኪዳነ (ወዲ ፊሊፖ)*
*ሚላኖ - ኢጣልያ*

*<u>ለባምት ክነግሩ እንክለዉ</u>*
*<u>ዓለም ኣረጋጊጹ ዝመስከረሉ ጽሉል</u>*
*<u>ኣለልዩኒ ክብል ኣብ ጎልጎል ተጠሊዑ ይድብል</u>*

*ዝበልዎ ምስ እዚ ኣብዚ እዋን እዚ እንስምዖን እንርእዮን ዘሎና ግትትር ሸፋቱ ጃንዳ ህ.ግ.ደ.ፍ ዝገብሩዎ ዘለዉ ዝደራረግ ኮይኑ ወይ ጉ---ድ ! ኣብ ዓለም ዘይተነግረ ድኣ እምበር ዘይተገበር የልቦን ኣቢሉ ዘተሐሳስብ እዩ።*

*ክንዕዘቦ ዝጸናሕናን*
*እንዕዘቦ ዘሎናን ዕብዳን እኩባን ሸፋቱ ህ.ግ.ደ.ፍ ብዘይካ ሓንቲ ቋንቋ እታ ምጥላም፡ ምሕሳው ዘመለኤት መኹባዕቶም እቲ ሓቂ እቲ እምነት ዝበሃል ኩሉ ስለ ዘይፈልጡ ንውሳኔ - ፍርዲ ዓለም ከምቲ ናቶም ከምቲ ተግባቶም ገይሮም ሰለ ዝሓስብዎ ከምቲ ንሶም ከም ቃሕታኦም ዝውስንዎ እቲ ናይ ምሉእ ዓለም ባይቶ <u>እውን ከምኦ መሲሉዎም ነቲ ዝተበየነሎም እገዳ ከደምስሉ ንኣብ ወጻኢ ሃገር ዝርከብ "ህዝቢ እስኪ ድሓን ክሳዕ ነጻሪ ኤርትራዊ ንበሎ</u>፡ ኣብ ጨንፈር ቤት ጽሕፈት ባይቶ ሕቡራት ምንግስታት ተጠሊዕኩም ኣእውዩልና ኢሎም ዘሰለፍዎም ወይጦታቶም ምንባሮም ኩልና ተዓዚብና።*

*ሀ/ እቲ ሰልፊ ፧*
*ሓተታኡ፡ ንዝተወሰነ ብይን እገዳ ክለዓል ዘስምዕ ኮይኑ፡ እቲ ከስምዕ ዝኽእልከ እንታይ ሓቅታትን ንእተረጋገጸ ገበናት እኩባን ሸፍቱ ህ.ግ.ደ.ፍ ኣሉታ ከውህብ ጭብጥታት ሃሊዉዎም ኮይኑ?*

*ለ/ እቲ ዝተዋህበ ውሳኔ ካበይ ተበጊሱ መዓስከ ተዘሪቡሉ ዓላማት ተኣኪበን ኣጻርየናሉ ተመራሚረናሉ ምኺነን ይፋለጥዶ? ወይስ ! ኩሉ ሕቡእ ኮይኑ፡ ክሳዕ እታ ዕለት ቶግ ኢላ እቲ ሓቂ ትወጽእ ትምክሕትን ኣበይ ከይበጽሑ ንዕቀትን ሸፊኑዎም ጸኒሒ እሞ 23-12-2009 ተበራቢሮም ኮይኖም?*

*ሐ/ እቲ ኣኽሲሱ ናብዚ ውሳኔ ዘብጽሔ እንታይ ከምዝኸነ ብግሉጽ ንህዝቢ ዝተነገረ ኣሎዶ ወይስ ከም ኣመሎምን ባህሎምን እቲ ምዕማጽ ዓዴና እቲ ኣውያት ከኣ ግደ ወይጦታትና ኮይኑዎም ብኡኡ ሳዕሪሮም?*

መ/ ጠባይኩም ኣርሙ ካብ ዝበሃሉ ልዕሊ ዓሰርተ ዓመት፡ ኩሉ መልስታቶም ብንዕቀት ጸኒሑ ሕጂ ብይን ምስ ኮነ እንታይ ኮይኖም ክም ዝነብሑ ክነግሩዶ በቒዖም?

ንመብርሂ፡
ነቲ ሓቂ ንምፍላጥን ብዙሕ ዝሕተት ኣሎ። ሓቲትና ግን ንመን ንሓቶ ምህላውና ስለ እንፈልጥ ኣሉ እንተ ዘይኮይኑ ካልእ መልሲ ኽንረክብ ከምዘይንኽእል ኣረጋጊጽና እንኮ መልሲ እንህቦ <u>"ክሰስቲ ዓለም፤ ተኸሰስቲ ኽኣ በዓል ሓቂ ይጠለም፤</u> ምባል ንመርጽ።

ኣነ ብወገነይ፤
ተኸታቲለ ኣብ ብዙሕ ትካላት መንግስታት ተወኪሰ ካብ ዝረኸብኹዎ ሓብሬታታት ብዙሕ ግዜ ድኣ እንገር እምበር ካብቲ ክነግሮ ዝጀመርክዎ ግዜ ነዊሕ ዓመታት ስለ ዝሐለፈ ምናልባት ተረሲዑ ኸይክውን ሕጂ እውን ክደግሞ።

ሕብረት ኤውሮጳ፡
ድሕሪ እቲ ብሚያዝያ 2001 ጀሚሩ ኣብ 18 መስከረም ብምእሳር መርሕነታትን፡ ጋዜጠኛታትን ዝተዛዘመ ዓመጸ ቅልውላው፤ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ኤውሮጳ ነቲ ዝተወስደ ስጉምቲ ብምቅዋም ሸድሸተ ነጥበ ሕቶ ብህጹጽ ግብረ መልሲ ክህልው ሐቲቶም ነዚ ወግዓዊ ክኸውን ከኣ ናይ ሽውኡ ወጻኢ ጉዳያት ሚኒስትርኦም ዝነበረ ዓሊ ሰይድ ዓብደላ ኣብቲ ናይ ብሩስልስ (በልጅም) ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ኤውሮጳ ጻዊዖም ነጊሮምዎን ወግዓዊ ደብዳቤ ሂቦሙዎን እውን።

እተን ሕቶ፤

1. ናይ ፖሊቲካ እሱራት ኣብ ኤርትራ ብዘይ ቅድመ ኩነት ክፍትሑ።
2. ተኣሲሮም ዘለዉ መርሕነት ነበር መእሰሪኦም ምኽንያት ብቓልዕ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ቀሪቦም ክንገሮም፡ ነቲ ክሲ ክኣምኑዎ ኸቃወምዎ መሰል ክፍቀደሎም።
3. ነጻነት ዜናን ማዕከናት ጋዜጣታት ክፍቀድ፡ ተኣሲሮም ዘለዉ ጋዜጠኛታት ክፈትሑ።
4. ዓለም ዝርእዮን ዝሰምዖን ተቓወምቲ ውድባት ዝሳተፉሉ ህዝባዊ ምርጫ ኣብ ትሕቲ ትዕዝብቲ ልኡኻን ሽማግለታት ዓለም ክትግበር።
5. ህዝባዊ ቅዋማዊ ምሕደራ ክትግበር፡ ንጹርን ናጻን ፖሊቲካዊ ውደባ ክፍቀድ።
6. ምስ ግብር ሽበራውያን ጥርጡራት ኣብ ዓለም ዝኾነ ይኹን ርክባት ከይግበር።

"እዘን ሽድሽተ ነጥብታት ኣይተሓተትናን ዝብሉ እንተኾይኖም ነቲ ልሙድ ኣሉታኦም ንምቅላዕ ኣብ ናይ ኤውሮጳዊ ሓድነታዊ ሕብረት መርበብ ኢንተርነት ውሳኔ ባይቶ ኤውሮጳ ወርሒ ክልተ (ለካቲት) 2002 ተወከሱ።"

ነዚ ግን፡
ከም እተማዕደ ክተግብር ዘይኮነ ንእተዋህቦን እተሐተቶን ኣሉታ ጥራሕ ዘይኮነ ንዕቀትን ትምክሕትን ኣስኒዩ ኣብ ገዛና ከም ድልየትና ብምባል ከም እተሓተቶ ብድርብ ኣንጻርነት ብምምላሽ ሽፍትነቱ ብምስዕራር ኩሉ እቲ ብሕጊ ዓለም ዝጽላእ ዘበለን ብሕቡራት ሃገራት ተኸሳስነት ዝተፈልጠን ብምትዕርራኽ ንህዝቢ ኤርትራ ኣፈራሪሁ እንተረገጸ፡ ዓለም እውን ከም ዝፈረሃቶ መሲሉዎ ብዕብዳን ምስ ዕብዳን ስለዝተቐላለጸ ነቲ ገበን ብገበን እናደራረበ ንፍትሒ ዘረብረበ መሲሎዎ ጸኒሑ፡ መዓልቲ ኣኺላ ኸኣ እነሆ ሕጂ ኣተኣውዩኒ ኣብ ዝሰምዕ በጽሑ።

"ኣብ ኤርትራ ጃንዳ ሽፋቱ ህ.ግ.ደ.ፍ ኣብ ፈቐዶ ቤት ማእሰርትታት ነዚ ሐሙዎም ዘለው ከም ተቐማጢ ቫልጃ (ሳጹን) ናይ ሓደራ ተባሂሎም ከም ቃሕታኦም ንቃሕታኦም ሰለ ዝኣስሩ፤ ኣብ ቃሕ ዝበሎም ከኣ እንተ ደልዮም ዝፈትሑ እንትጸሊኦም ዝዝሕዝሑ፡ ከምቲ ናቶም ሽፋታዊ ኣገባብ፡ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት መንግስታት እውን ከምኡ መሲሉዎም፡ ንዑ ኡይ በሉልና እገዳ ከልዕሉልና ምባሎም ኣብ ዓለም ከምዘይኮነ ብሩን ሕጊ ዝበሃል ከም ዘይኣኽብሩን ከም ዘይተማህሩን ባዕሎም ዘረጋግጽዎ ዘለው ምኳኑ ዝዝንግዖ ሰብ የልቦን።"

እቲ ሐቂ እዚ ኾይኑ

ኣድግስ በሊዓ በሊዓ- ድሕረይ ሳዕሪ ኣይብቆል ኢላ ከም ዝበሃል ግን፡ እዞም እኩባን ጉጅለ ሽፋቱ ብደም ዝጠልቀዩ ዝተጠላቐዩ ክሳዕ ሕጂ ኣብ ልዕሊ ክቡር ስድራቤታት ክነብሑ ከም ቃሕታኦም ህዝቢ ክዝሕዝሑ ድሕሪ ምጽናሕ ዝእሰሩላ ሰዓት ሰለ ዝኣኸለት ምእሳርና ዘይተርፈና ንዑ ንሳና ተኣሰሩ ዘስምዕ ሆይ ሆይታ ብምውፋር ቁምነገር ከምዘየፋሪ እናፈለጡ ንእቶም ተምሳሎም ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ምእንቲ ክልክሙ ዘዋፈርዎ ወፍሪ እዩ። እቲ ንዕለት 22-02-2010 ዝኣለሙዎ ሕሱር ሰላማዊ ሰልፊ ።

"ኩልና ከም እንፈልጦ እቲ ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ልዕሊ ፍሹል ምኳኑ ምርግጋጽ ብዕለት 2-3-2010 ኣብ ባይቶ ሕቡራት ኤውሮጳ ኣብ ዝዓዘቐ ውሳኔ ኣብጺሑዎ ኣሎ።"

ዝጠነስክንኣ ዘይትሐርሳ
ካብ ሚኪኤልን ገብርኤልን ተባእሳ፡

ከም ዝበሃል እኩባን ሽፋቱ ህ.ግ.ደ.ፍ ኣብ ክንዲ ኣተኣውዩና ተለከሙ ምሳና ኢሎም ዘርባዕባዕ ዝብሉ፡ ንዓመታት ተማዒዶም ኣደብ ክገብሩ ተነጊሮም ወዮ ዝተዋህቦም ስምዕታታት ንዒቖም ድሕሪ ምጽናሕ፡ ትምካሕ - ትምካሕ -ድሐር

*<u>ኣብ ርእሲኻ ካሕ</u> ኮይናቶም ዓለም ምስ ኮነነቶም ነቲ ብደሙ ክላገጹ፡ ንምጽናዑ ዝሓናንጹ ዝነበሩ ህዝቢ ከምኦም ከም በዓል ገበን - ከም ለኣኺኦም ንምፍጻም ገበን ቆጺሮም ንዓ ኣታኣውየና ኣኣብ ዘሎኻዮ ኼንካ ኣእውየልና ምባሉም ዘገርም እዩ ኢልካ ዝሕለፉ ዘይኮነ ክሳዕ ክነደይ ሕሱራት ምኻኖም ባዕሎም ብተግባሮም ተፈሊጦም።*

*ዘሕዝን ግን፡*

*እቲ ናቶምሲ ልምዶም፣ ባህሎም፣ ባህርያኦም እዩ። እቶም ነዚ ሰሚዖም እሞ ንኣጽናናት ስድርኦም ንኣጸልመትቲ ሃገሮም (ደቂ ሃገር እንተ ድኣ ኾይኖም) ኣድሕኑልና ኣይትፋረዱልና ክብሉ ክትስምዕ ክትርእይ ይገርመካ ጥራሕ ዘይኮነ እዝኒ ምህላውካ፣ ኣዒንቲ ምህላውካ የጽልኣካ እንተበልኩ ኣየጋንንኩን።*

*" <u>ንሕሰረት ዝተዓጥቆ, ብገዛ ኢዱ ተሓንቀ</u> "*

*ከም ዝተባህለ፡*

*እዞም እኩባን ሽፋቱ ግዜ ማሕነቕቲ ትመጸም ከምዘለካ ካብ ነዊሕ እዋን እዮም ዝፈልጡዎ ነይሮም። ሰዓቱ ኣኺሉ ኸኣ ወዮ እናረገጹካ እናኣሾቕረርካ ምንባሮም ስለ ዘብቅዔ ካብ ጠፋእና ተለከሙ ምሳና ዘሰመዔ ወፍሮም ብጋህዲ ተራእዩ።*

*ንሱ ኸኣ!*

*ኩሉም እቶም ናብ መጋባእያ ሕሰረት ሰላማዊ ሰልፊ ክገብሩ ዝጸውዑዎም ብሕልፊ እቶም ብውህበት ዑቕባነት ዝነብሩ ዝነበሩ ወይጦታቶም፡ እቲ ብሕጊ ዓለም ዝተለገሰሎም መንበሪ ህይወት ከም ኣወሃህባኡ፡ መኽልከሊኡ ስለ ዘለዎ ንእዞም ሽፋቱ ዝኾነንዎም እቶም ዑቕባ ዝለገሱሎም ሃገራት ስለ ዝኾኑ ብገዛእ ኢድና ነይተጸፋዑና ኣብ ዘትከለ ውሳኔ ንሕና እቲ ስርዓትኩም ዓመጻኛ ግፍዔኛ ምኳኑ ስለዘእወይኩሙልና እዕቂብናኩም፡ መንነቱ ኣጽሪና ፈልጥና እንተኾነንናዮ ዘራያቱ ከተስምዑና ኣንጻር ውሳኔና ስለ እተሰለፍኩም ከካብ ዝመጻእኩሙዎ ትምለሱ ዝብል ውሳኔ ኣብ ምውሳን በጺሖም ስለዘለው ድሕሪ ቁሩብ ሳምንቲ*

*"<u>ኡይ ! ኡይ! ተጋጊና - ኡይ ! ኡይ! ኣድሕኑና</u>*
*<u>ዝብል ኣውያትን ንብዓት ዘርባዕባዕን ክንርእይ ክነስምዕ ኢና"</u>*

*ናይ ዕለት 2-3-2010*

*ኩሉኹም ከም ዝሰማዕኩሙዎ ብዛዕባ እገዳ እኩባን ሽፋቱ ኤርትራ ህ.ግ.ደ.ፍ ኣብ ባይቶ ኮሚሽን ኤውሮጳ ተዘሪቡ፡*

*ውጽኢቱ !*

*ነቲ ብዕለት 23-12-2009 ብባይቶ ጸጥታ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ዝተበየነ ውሳኔ 1907 ካብ ዕለት 22-6-2010 ብግብሪ ክትርጎም ስለዝኾነ ሕቡራት ሃገራት ኤውሮጳ መን እዩ እዚ ስርዓት ተጸዋዒ ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ ካብ ነዊሕ ዓመታት*

*ስለዝፈልጥዎ ስምዕታታቶም ቀጻሊ ከምዝለኣኹሉን ኣጸቢቖም ሰለዝፈልጡን ንዝተዋህቦ ዕቱብ እገዳ እውን ለኻኺምና ንጥፋእ እንተዘይኮይኑ ፈጺሙ ከም ዘይእረምን ሰለ ዝፈልጡ እቲ ክትግበር ተወሲኑ ዘሎ እገዳ ኣብ ግብሪ ምውዓል ክጅምር ግዜን ትጽቢትን ኣይነወሔንዶ? ዝብል እንተዘይኮይኑ ካልእ ሐሳባት ፈጺሙ ኣይቀረበን።*

*እኳ ድኣ!*

*<u>"ሃገራት ኤውሮጳ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ እቲ ዲፕሎማሲያዊ (መኽዘን ሽፍትነቱ) ቤት ጽሕፈታቱ ክልክትኦ (ክዓጽወኦ) ከምዘለወን ዘዕባ ልዝብ (ኣጀንዳ) ይገበረልና ኢለን ኣለዋ"</u>*

*እቲ ምልካት (ምዕጻሙ)*

*ብኣበሃህላኦም ካብ ውሽጢ ማዕከናዎም ከም እተሓበርናዮ ኸኣ ኣብ ኤውሮጳ ዝርከብ ቤት ጽሕፈታቱ ክሳዕ እቲ እገዳ ዝለዓል ወይ ደሞክራስያዊ ምሕደራ ኣብ ኤርትራ ዝረጋገጽ ናይ እቲ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ተርጋጊጹ ተለኒዱ ዘሎ ጭብጥታት ናይ ጸረ ሰላም መጋበርያን መናሃርያን ስለዝኾነ፡ ዓለማዊ ዲፕሎማሲያዊ ርክባት ስለ ዘይብሉ ከምቲ ኣብ ብዙሑ ሃገራት ብሙሻጠ ዘተኣታትዎ ህውከታት ኣብ ሃገራትና ከተኣታትው ስለ ዝኽእል ኣቐዲምና ክንልክቶ (ክንዓጽዊ) ናይ ግድን እዩ ተባሂሉ።*

*ክኒኡኸአ!*

*ኩለን ሃገራት ንኤርትራዉያን ዑቖባነት ዝሃባ፡ እቶም ብሐቂ ዑቖባ ዝሐተቱን እቶም ንምስላይ ዝተዋፈሩ እሞ ብልግስና ዝናበሩ ተለልዮም፡ ኣዕጋቢ ስጉምቲ ንመስርሕ እገዳ ፈላሊና ክንርይ ኣሎናን ኩሉ ንኽበርህ ሐደ ተዛዋዋረ መጸዋዕታ ንኹለን ሃገራት ከንመሓላልፈ ኣሎና ተባሂሉ።*

*<u>"ከም ኣብነት ዝተጠቐሰ ወላ ሰማዓይ ድኣ ይስአን እምበረ፡ ዓለም ዝበየነቶ ኽቃወሙ ኣብ ጀነፓ (ስዊዘረላንድ) ዝተኣኻኸቡ ኤውሮፓ ስለ ዝነብሩ ዑቖባ ሐቲቶም ዝነብሩ እንተኾይኖም ዕቲ ዑቖባ መሕተቲኦም እንታይ? ንኣሳቐዩና ዝበልዊ ስረዓት ከኣ ዓለም ፍርዳ ከይተንብረሉ ክጣበቑ ንዝጽፍዖ ከእውዩሉ መምጽኢኦማ ንባዕሎ ንዓና ኣዕቆብቲ ዘዔሹን ዘንቐዕን ስለዝኾነ ክንዲ ዘዕቆብና ካብ ተናዓቐና ሓለዋ ክብረትናን ፍትሐዊ እማሜታትናን ነሽብር"</u>*

*እዚ ኸ?*

*<u>ሽፋታዊ ህ.ግ.ደ.ፈ. ዝገበረ ይግበረ ክኹነን የብሉን ክበሃል ስለ ዝተደልየ ድዩ ጽባሓ ነዚ ፍጻሜ እዚ ከም ግጉይን ኣድላውነት ክዝረበሉ?</u>*

*<u>እንተጥዕና ሂቡክን</u>*
*<u>እትርእዮን-ትስሞዖኦን ኣሎክን</u>*

*ከም ዝተባህለ ርብዒ ዓመት (ስለስተ ወርሒ) ኣብ ዘይመልእ ብዙሕ ንስምዖን እንሪእዮን ግዜ ይመጽእ ኣሎ። ንሱ ኸኣ፡ ድሕሪ ቀብረ ህላዌ ሽፈቱ ህ.ግ.ደ.ፍ. እቶም <u>ንሱ ናትና- ንሕና ናቱ</u> ክብሉ ዝጸንሑ ወዮ ኣእብ ገዝኦማ ኮይኖም ተሓቢኦም ዝራገሙዎን ዝሐሞይዎን ከምዛ ኣብ ደገ ወጺኦም ዘይወደስዎ ልዕሊ ኩልና እቶም ንዓመታት ዝመከትናዮ ተስሪዖም ከጣቕዑን እንቋዕ እኒ ጠፍኤ ኢሎም ክስዕስዑ ከጣቕዑ ምኳኖም ኣይንጠራጠርን ኢና።*

*ባዕሉ ጉጅለ ሽፈቱ እውን፡*

*<u>ነዚ ተርእዮታት ክረኣይ ምኳኑ ኣቐዲሙን ልዕሌናን ይፈልጦ እዩ።</u> ነዚ ስለ ዝፈልጥ ከኣ እዩ ንእቶም ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ወይጦታቱ ኣጸቢቖም ምእንቲ ብኹልና ክልለዩ ኢሉ ኣእውዩ ኢሉ ዘዋፈሮም እምበር እቲ እገዳ ለውጢ ከምጽእ ይኽእል ዝብል እምነት እንተዝህልዎ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ህዝቢ ተሳዒል ሰላማዊ ሰልፊ ግበር ዘይብሎ?*

*"ኣብ ኤርትራ ዘሎ ህዝቢ ከካብ ገዛኻ ወጺእካ ንዓ ሰላማዊ ሰልፊ ግበር እንተዝብሎ መሪርዎ ዘሎ ህዝቢ ስለ ዝኾነ እገዳ ይለዓል ዘይኮነ ንሽፍታን መሻፍትቱን ንዘበጥ ኢሉ ከም ዝለዓዓል ንሱ ይፈልጥ ንሕና ኸኣ ንፈልጥ"*

*ነዚ ገሚትካን ተመራሚርካን!*

*እዞም ኣብዚ ሰዓት እዚ <u>ንሕና ናቱ- ንሱ ናትና</u> እናበሉ ላሕታት ውሕውሕታ ገይሮም ዝነብሑ ዘለው እምበርዶ ኣብ ኤርትራ ቤተሰብ ወይ ትውልዲ ኣለዎም እዩ ኢልካ ክትመራመር መሬት ወጊሑ ይዓርብ መልሲ ክትረኽበሉ ኸኣ ብዕቱብ ይሕርብት እዩ።*

*ኮይኑ ግን፡*

*መዓልትን ከልብን ከይጸዋዕካዮም ይመጹ ከም ዝበሃል እታ ናይ እኩባን ሽፋቱ ህ.ግ.ደ.ፍ ዝዓርቡሉ ሰዓት ደዊሉ፡ ደቓልታቱ ወይጦታት መን ብዓል መን ከም ዝኾኑ ተፈሊጦም ስለ ዘለው እታ ኩልና ኤርትራውያን እንምነያ ዘይተመራሰሔት፣ ዘይተራኸሰት ኤርትራ ጸኒዓ እትቐስነሉን እትነብረሉን ንምርግጋጽ ዘኽእለና ሰፊሕ ምህሮ ተማሂርና ኣሎና እሞ <u>ወያ መሸንቆቓ- ኣብ ክንዲ ትቐጥን- ገዲዳ ዓጺቓ ንደምበናን ደምበ ሽፋቱን ኣላልያ ኣረሓሒቓ</u> ኢለ ኣጆኻ ኤርትራዊ እትቐስነላ ጸሓይ በሪቓ መሊኤ ንሎሚ ብርዔይ ኤልዕል።*

***ሰናይ ቅነ***

***ብወዳባት፡ ግርማይ ኪዳነ (ወዲ ፊሊፖ)***

***ሚላኖ- ኢጣልያ***